# ምስጋና




ብምኽንያት መስዋእቲ ክቡር በዓል ቤተይን ብጻየይን ሓርበኛ ተጋዳላይ ኢዮብ ብስራት፡ ድኻምኩም ከይጸብጸብኩም ንክብሪ ፍቑር ብጻይኩሙን ሓውኹምን ካብ ርሑቕን ቀረባን ብምምጻእ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሩ ብኣካል ንዝተሳተፍኩም፡ ብስልክን ብኢመይልን ብስነ ጽሑፍን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም መልእኽቲ ብምስዳድ ሓዘንኩም ዝገለጽኩም፡ ከምኡ'ውን ብኣካል ካባና ከይተፈለኹም ጉልበትኩሙን ግዜኹሙን ከይቆጠብኩም ናይ'ዚ መሪር ሓዘን ተኻፈልቲ ኰይንኩም ዘጸናናዕኩሙና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ክብ ዝበለ ምስጋና ነመሓላልፈልኩም።

ኢዮብ ካባና ካብ'ቶም ቀረባ ስድርኡን ቤተ ሰቡን ጥራሕ ዘይኰነስ፡ካብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ ከይዱ። ንዓይን ንደቁን ንክብርቲ ወላዲቱን ኩቡራት ኣሕዋቱን ብቓሊል ክስገር ዘይካኣል ብርግጽ ዓቢ ክሳራ ኢዩ።

መስዋእቱ ምስ ተሰምዐ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለኹም ፈተውቱን ብጾቱን፡ ነቲ ዘበርከቶ ዘይሕለል ውፉይ ቃልስን፡ ንኽብሪ ህዝቡን ሃገሩን ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን ዘርኢ፡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ብተግባር ስለ ዘንጸባረቕኩሞ ንዓና ዓቢ ምጽንናዕን ናይ ሕልና ዕግበትን ስለ ዝሃበና፡ ብስመይን ብስም ደቀይ ራህዋ፡ ሰናይ፡ ክብረት፡ ብስም ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ጸሃይነሽ ገብረጻድቕን ከምኡ'ውን ብስም ምሉኣት ስድራ ቤትና ክብረት ይሃበልና ሕሰም ኣይትርከቡ ክብል እፈቱ።

ከምኡ'ውን ኩሎም ሃገራውያን ውድባትን በርጌሳውያን ማሕበራትን፡ ናይ ቃልስና መሓዙት ሽወደናውያን ማሕበራትን ማዕከናት ዜናን፡ ብፍላይ ድማ ዌብ-ሳይት ድሕነት፣ ገረግር፣ቶጎርባን ወዘተ... ብዘርኣኽሞ መርገጽን ብዝገበርኩሞ ዓቢ ኣስተውጽኦን ክብ ዝበለ ልባዊ ምስጋና ይብጻሕኩም

ዘልኣለማዊ ዝክሪ ንስውኣትና !

ሰማይነሽ ኣስፋሃ
ምስ ኩሎም ስድራ-ቤት